# Guida pratica per i richiedenti protezione internazionale






SPRAR

Sistema di Protezione
per Richiedenti Asilo e Rifugiati

Dipartimento per le libertà civili
e l'immigrazione

Commissione Nazionale
per il Diritto d'Asilo

## መወከሲ

ዘለኹም ቦታ - ናይ ዓዲ ጥልያን ካርታ

ኣህጉራዊ ሓለዋ ዝሓትት ከመይ ዝማስለ እዩ?

ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣወሮጳ ኣቲኹም ኣለኹ

ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣወሮጳ ካርታ

ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶ ዝወሃበሉ ኣገባብ ብኸመይ ከምዝፍጸም

ደረጃታት ስርሐት ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶ

- ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶ ምቕራብ (ቀዳማይ ደረጃ)
- ፍጻመ ጉዳይ (ካልኣይ ደረጃ)
- ኣብ ናይ መንግስቲ መዕረፊ ማእከል ትእንገዱ ኣለኹም

ኣብ ማእከል ናይ ሓተትቲ ዑቕባ ዘለኩም ማሳላት

ከም ማጠን ሓታቲ ኣህጉራዊ ዑቕባ ዘለኩም ማስላት

እቲ ዞባዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ክህቦም ዝኽእል ወሳነታት (ሳልሳይ ደረጃ):

- ናይ ስደተኛ ፍቓድ እንተተዋሂብኩም
- ናይ ካልኣይ ደረጃ ሓለዋ ፍቓድ ዝተዋህበኩም እንተኾይንኩም
- ብምኽንያት ሰባኣዊ ኩነታት መንበሪ ፍቓድ ዝተዋህበኩም እንተኾይንኩም

ይግባይ ምባል (ራብዓይ ደረጃ)

ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ፍቓድኩም ምቁራጽ ወይ ምስራዝ


ናብ ማቦቆል ሃገርኩም ብድሌትኩም ምምላስ

ዝርዝር ትርጉም ቃላት

ኣድለይቲ መራኸቢ ሓበሬታታት

TIGRINO

## ዘለኹሞ ቦታ – ናይ ዓዲ ጥልያን ካርታ



## ኣህጉራዊ ሓለዋ ዝሓትት ከመይ ዝመስለ እዩ?

ሓታቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ማለት ኣህጉራዊ ሓለዋ ክግበረሉ ሓቲቱ ከም መጠን ስደተኛ ተቐባልነት ዝህብ ውሳነ ወይ ካልእ ዓይነት ሓለዋ ክወሃቦ ዝጽበ ዘሎ ሰብ እዩ። ኣብ ዓዲ ጥልያን ዝርከቡ ወጻእተኛታት ኩሎም ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ናይ ምሕታት መሰል ኣለዎም።

### ስደተኛ ማለት

ዝኾነ ይኹን ወዲ ሰብ ኣብ ዓዱ ይኹን ወይ ኣብ ካልእ ዓዲ ወይ ብዘይ ዜግነት ካብ ዝነብረሉ ዝነበረ ቦታ በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ንኽይቅተል ወይ ከአ ንኽይእሰር ፈሪሑ ዝሃደመ፣ ኣብቲ ዝነበሮ ዓዲ ንኽነብር ዘይክእል እዩ፣

- **ብዓሌት** (ንኣብነት ብናይ ቆርበትካ ሕብሪ ይኹን ወይ ከኣ ብናይ መበቆልካ ዓሌት ኣብ ዝተወለድካሉ ዓዲ ክትነብር ዘይትኽእል እንተኾይንካ)፣
- **ብሃይማኖት** (ንኣብነት መንግስቲ ዝኣምነሉ ሃይማኖት ብዘይምክትታልካ ወይ ከኣ መንግስቲ ዘይኣምነሉ ሃይማኖት ብምእማንካ)፣
- **ብዜግነት** (ንኣብነት ብዜግነትካ ይኹን ብቛንቋኻ ኣባል ውሑዳት ዝኾኑ ዓሌታዊ ጉጅለ እንተኾይንካ)፣
- **ናይ ሓደ ዝተፈለየ ማሕበራዊ ጉጅለ ኣባል ብምዃን** (ንኣብነት ምስ ሓደ እኩብ ህዝቢ ኮይኑ ካብቲ ዝበዝሐ ህዝቢ ፍልይ ዝበልካ እንተኾይንካ፣ ንኣብነት ብኣገባብ ግብረ ስጋ ወይ ጾታ፣ ከምኡውን ቤተሰብ፣ ባህሊ፣ ትምህርቲ ወይ ሞያ)፣
- **ብፖለቲካዊ ርእይቶ** (ንኣብነት ብሰንኪ ፖለቲካዊ ርእይቶ፣ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ፣ ኣለዎም ዝተባህለ ፖለቲካዊ ርእይቶታትን ወይ ሕልናዊ ተቓውሞታትን)፣

ከምዚ ኾይናም ብተወሳኺ ካብ ናይ ዓዶም ወይ ዝነብሩሉ ዓዲ ዝርከብ መንግስቲ ሓለዋ ክቕበሉ ዘይደልዩ ወይ ዘይክእሉ ምስ ዝኾኑ እዩ።

ግፍዒ ማለት፣ ንኣብነት ናይ ሂወት ስግኣት፣ ስቓይ፣ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ግላዊ ናጽነት ምስኣን ወይ ከቢድ ዘይምሕላው ሰብኣዊ መሰላት እዩ።
ፍቓድ ስደተኛ ንኽውሃበካ ናይ ግድን ግፍዒ ዝወረደካ ክትከውን የብልካን።

ከምኡውን ሓደ ሰብ ናብ ዓዱ እንተተመሊሱ ንኸቢድ ሓደጋ ወይ ግፍዒ ከምዝጋለጽ ዝገብርዎ ፍሉጣት ኩነታት እንተሎዉ፡ ፍቓድ ስደተኛ ክወሃቦ ይኽእል እዩ።

ናይ “ስደተኛ” ትርጉም ኣብ ዓንቀጽ 1 ስደተኛታት ብዝምልከት ዝተገብረ ናይ 1951 ኣኼባ ጀኒቫ ይርከብ። እዚ ከምዝገልጾ ስደተኛ ማለት ሓደ ሰብ *“ግፍዒ ዘምጻሉ ፍሉጥ ዝኾነ ስግኣት ሃሊዎ እዚ’ውን ብሰንኪ ዓሌቱ፣ ሃይማኖቱ፣ ዜግነቱ፣ ፖለቲካዊ ርእይትኡ ወይ ኣባልነት ናይ ዝተወሰነ ዓሌታዊ ጉጅለ ብምህላዉ ኮይኑ፡ ከምኡ’ውን ካብ ዓዱ ወጻኢ ኾይኑ ብሰንኪ ኸምዚ ዓይነት ፍርሒ ካብ ናይ ዘለዎ ዓዲ መንግስቲ ሓለዋ ይጠቕመኒ እዩ ኢሉ ንምሕታት ዘይደልይ ወይ ዘይክእል ምስዝኸውን፡ ወይ ናይ ዝኾነ ዓዲ ዜግነት ዘይብሉ ኾይኑ ካብ ዝነብረሉ ዝነበረ ዓዲ ብሰንኪ ከምዚ ዝኣመሰሉ ነገራት ወጺኡ ብሰንኪ ከምዚ ዓይነት ፍርሒ ናብኡ ክምለስ ዘይክእልን ዘይደልይን እዩ።”*

ብሓፈሻዊ፣ ቁጠባዊ ጸገማት ወላ ሓቀኛ ይኹን እምበር ሓድሓደ ግዜታት’ውን ኣዝዩ ከቢድ ክኸውን ይክእልዩ፡ ኮይኑ’ግን ንናይ ስደተኛ ፍቓድ ዘውህብ ብቑዕ ምኽንያት ኣይኮነን።

**ናይ ካልኣይ ደረጃ ሓለዋ** ማለት ንሓደ ዜጋ ሕቡራት ሃገራት ኣውሮጳ ዘይኮነ ወይ ሃገር ዘይብሉ ኮይኑ ፍቓድ ስደተኛታት ክውሃቦ ዘይክእል ሰብ ዝውሃብ ሓለዋ እዩ። እዚ’ውን እቲ ሰብ ናብ መበቆል ሃገሩ ወይ ዝነብረሉ ዝነበረ ሃገር እንተተመሊሱ

TIGRINO

ዝወርዶ ፍሉጥ ዝኾነ ከቢድ ሓደጋ ወይ ግፍዒ ምስዝህሉ ብተወሳኺ’ውን ብሰንኪ እዚ ስግኣት ናይታ ዓዲ ሓለዋ ንምሕታት ዘይክእል ወይ ዘይደልይ ምስዝኽውን እዩ።

**ግብረ ሰብኣዊ ሓለዋ** ምምሕዳር ፖሊስ ብሰብኣዊ ምኽንያታት ናይ መንበሪ ፍቓድ ክህብ ይኽእል እዩ። እዚ እቲ ዑቕባ ዝሓትት ዘሎ ሰብ ብዝምልከት እቲ ዞባዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ወላኳ ከም ኣህጉራዊ ሓለዋ ኣይቆጸር እምበር “ሰብኣዊ ዝኾነ ከቢድ ምኽንያት” ኣሎ ኣብዝብሎ ኩነታት እዩ።

| **ምስጢራውነት** |
| --- |
| እቲ ነቶም ኣብ ስርሒትን ምርመራን ናይ ዘቕረብኩሞ ሕቶ ኣህጉራዊ ሓለዋ ዝሳተፉ ሰባት ትህብዎ ሓበሬታ ናብ መንግስቲ መበቆል ሃገርኩም ኣይክውሃብን ወይ ኣይክምሓላለፍን እዩ። |

TIGRINO

## ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣውሮጳ ኣቲኹም ኣሎኹም

ኣብ ዓዲ ጥልያን ኣሎኹም፣ እዚ ድማ ኣብ ሓንቲ ኣባል ማሕበር ሃገራት ኣውሮጳ ዝኾነት ሃገር ኣቲኹም ኣሎኹም ማለት እዩ።

ብመሰረት ሕጊ ኣውሮጳ (**ካልኣይ መምርሒ ሕጊ ዳብልን**) ሓለዋ ትሓተሉ ሃገር ብናጻ ክትመርጽ ኣይትኽእሉን ኢኹም፣ ኮይኑ'ግን ሕቶኹም ብብቑዕ መልክዕ ክትርእየልኩም ትኽእል ክትከውን ኣለዋ፣ ንምሳሌ፡

- ብዘይ ፍቓድ መጀመርታ ዝኣተኹማ ዓዲ፣
- **መንበሪ ፍቓድ ወይ መእተዊ ፍቓድ** (**ቪዛ**) ዝሃበትኩም ዓዲ፣
- ኣብ ዓዲ ጥልያን ንበይንኹምን ትሕቲ ዕድመ'ውን እንተኾይንኩም **ዘመድኩም ብተኻታታሊ ኣብ** ዝርከበሉ ዓዲ።
- ናይ ስደተኛ ፍቓድ ዝተዋህበ ወይ ዑቕባ ዝሓተተ <u>ዘመድ</u> ኣብ ዝርከበሉ ዓዲ።

<u>**ዘመድ**</u> ማለት፡

- ሰብኣይኪ ወይ ሰበይትኻ፣
- ምሳኹም ቀዋሚ ርክብ ዘለዎ ሰብ፣ እዚ እታ ትቕበለኩም ሃገር ማዕረ መርዓ እንተሓሲባቶ እዩ፣
- ንኣሽቱ ደቅኹም፣ እዚ መነባብርኦም ንስኹም ትኽእልዎምን ዘይተመርዓዉ ምስዝኾኑን እዩ፣
- ኣቦኹም፣ ኣዴኹም ወይ ትሕቲ ዕድመን ዘይተመርዓኹምን እንተኾይንኩም፡ ዝኣልየኩም ሰብ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ኣብነታት መብዛሕቱ ግዜ ዘጋጥሙ ኹነታት እዮም፣ መለከዒ ብቕዓት ዝኾኑ ካልኦት ነጥብታት'ውን ኣለዉ። እንተጣራጢርኩም ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ በጃኹም ንሰራሕተኛታት ሕተቱ።

ኣብ ዓዲ ጥልያን ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶ ብቐዕነት ምርመራ ብዝምልከት ዝውሃብ ውሳነ ኣብቲ ማእከል ብዘለዉ ፖሊስ ኣይኮነን ዝውሃብ። እቶም ፖሊስ ነቲ ሰነዳት ኩሉ ኣብ ሮማ ናብ ዝርከብ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ዘሎ ("ክፍሊ ዳብልን" ዝብሃል) ቤት ጽሕፈት ነቲ ጉዳይ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ከመሓላልፍዎ እዮም፣ እዚ ኣካል ብመሰረት ዝተዋህቦ ሓበሬታ ውሳነ ክህብ እዩ። ኮይኑ'ግን ቅኑዕ ውሳነ መታን ክውሃብ ኩሉ ኣድላዪ ሓበሬታታት ክቐርብ ኣለዎ። ክትዝክርዎ ዘለኩም ዘሎ ነገር፡ ናብ "ክፍሊ ዳብልን" ዝመሓላለፍ ሓበሬታ ኩሉ ናይ ምፍላጥን፣ ጌጋ ምስዝህልው'ውን ናይ ምዕራይ መሰል ኣለኩም።
ዓዲ ጥልያን ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ንምርኣይ ብቕዕቲ ምኧና ንምውሳን ስርሒት ኣብ ዝካየደሉ ግዜ፣ ኣብ መሬት ዓዲ ጥልያን ዘለኹሞ ኩነታት ከም መጠን ሓደ ሓታቲ ዑቕባ እዩ።

እታ ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶኹም ክትርእይ ዘለዋ ዓዲ ዝሕብር ውሳነ እንተተዋሂቡ፣ ናይ ክፍሊ ዳብልን ውሳነ ካብ ዝበጽሓኩም ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 60 መዓልቲ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም።

እቲ ሕጊ ከምዝሕብሮ ናይ ጠበቓ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ንጠበቓ ክትከፍሉ ዘይትኽእሉ እንተኾይንኩም፣ ናጻ ዝኾነ ሕጋዊ ሓገዝ ክወሃበኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም (እዚ ብመንግስቲ ዝኽፈል ይኸውን)።

TIGRINO

## ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣውሮጳ ካርታ



© ማሕበረሰብ ኣውሮጳ 1995-2007

ኣባላት ሕቡራት ሃገራት ኣውሮጳ ከምዝስዕባ እየን፡
ኦስትርያ፣ በልጂየም፣ ቡልጋርያ፣ ሳይፕረስ፣ ዴንማርክ፣ ኤስቶንያ፣ ፊንላንድ፣ ፈረንሳይ፣ ጀርመን፣ ግሪኽ፣ ኣየርላንድ፣ ዓዲ ጥልያን፣ ላትቭያ፣ ሊትወንያ፣ ላክሰምበርግ፣ ማልታ፣ ሆላንድ፣ ፖላንድ፣ ፖርቱጋል፣ ዓዲ እንግሊዝ፣ ቸኮዝሎቫክያ ረፓብሊክ፣ ሮሜንያ፣ ስሎቫክያ፣ ስሎቪንያ፣ ስፐይን፣ ስዊድን፣ ሃንጋሪ።

TIGRINO

**ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶ ዝወሃበሉ ኣገባብ ብኸመይ ከምዝፍጸም**

ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ግላዊ ሕቶ ክቐርቦ ዘለዎ ቦታ፡

- ኣብ ናይ ሓለዋ ዶብ ዘለዉ ፖሊስ፣ እዚ'ድማ መጀመርታ ናብ ዓዲ ጥልያን ምስኣተኹም እዩ፣
- ኣብ መደበር ፖሊስ - ናይ ስደተኛታት ቤት ጽሕፈት ፖሊስ፣ ኣብ ዓዲ ጥልያን ኣቲኹም እንተለኹም።

ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶኹም ብዝምልከት ብናይ ሃገራዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ውሳነ ክሳብ ዝወሃበኩም ኣብ ውሽጢ ሃገር ክትጸንሑ ፍቓድ ኣለኩም።

**ኣይትረስዑ፡** እቲ ላዕለዋይ በዓል መዚ በቲ ኣቕሪብኩሞ ዘለኹም ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶ ውሳነ ክሳብ ዝወሃበኩም ኣበይ ቦታ ከምትጸንሑ ክውስን እዩ።

ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶኹም ግዜ ሓሊኹም ብዘይምቕራብኩም ጥራይ ክንጸግ ኣይክእልንዩ። ሕቶኹም ተቐርቡሉ ውሱን ናይ መዕልቲ ገደብ የብሉን።

እቲ ስርሒት ኣብ ዝካየደሉ ግዜ ምስ ዩ ኤን ኤች ሲ ኣርን (UNHCR) ካልኦት ኣህጉራዊ ሓለዋ ንዝሓተቱ ሓልዮት ዝህባ ቀንዲ ውድባትን ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ምስተዓደምኩም፣ ባዕልኹም ኣብ ቅድሚ'ቲ ሃገራዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ክትቀርቡ ኣለኩም። ፓስፖርትኹምን ምስ ሕቶኹም ዝታሓሓዝ ኩሉ ሰነዳትን ከተረክቡ ኣለኩም።

**ኣድራሻኹም ኣብ ትቕይርሉ ግዜ ከይረሳዕኩም ንፖሊስ ሓብሩ፣ ከምዚ እንተዘይጌርኩም ናባኹም ዝስደድ ኩሉ ደብዳቤታት ወላ እንተዘይበጻሓኩም ናብቲ ንመጨረሻ ግዜ ዝሓበርኩሞ ኣድራሻ ከምዝበጽሐ ክሕሰብ እዩ።**

እቲ ሃገራዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ጉዳይኩም ክሰምዕ እዩ፣ ደብዳቤታት'ውን ብመደበር ፖሊስ ናባኹም ክስደድ እዩ።

ብምኽንያት ናይ ጥዕና ጸገም ቆጸራ ቃለ-መጠይቕኩም ከተኽብሩ እንተዘክኢልኩም ንኻልእ መዓልቲ ምቕያር ይክኣል እዩ። ቃለ-መጠይቕ ንኸትገብሩ ዘየኽእለኩም ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገም እንተሎ ብሓኪም ክረጋገጽ ኣለዎ።

TIGRINO

**ክትዝክርዎ ዘለኩም ነገራት**

- ኣብ ዝኾነ ጉዳይ ብተኻታታሊ መምርሒ ሓበሬታ ይወሃበኩም እንተነይሩ፣ ቃለ-መጠይቕ ክትገብሩ እንተዘይመጺኹምን መዓልቲ ቃለ-መጠይቕከ
  ክቐየረልኩም ሕቶ እንተዘይኣቕሪብኩምን እቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ውሳነ ዝህቦ ኣብቲ ቀሪብሉ ዘሎ ሰነዳት ብምምርካስ ጥራይ ክኸውን እዩ።

- ኮይኑ’ግን ብዛዕባ እቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ጉዳይኩም ዝርእየሉ ፍጻመ ተሓቢርኩም እንተዘይኔርኩምን እቲ ኣካል ድማ ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶኸ
  ብዝምልከት ውሳነ ዘይወሰደ እንተኾይኑ <u>ሓንቲ</u> ተወሳኺ ሓዳሽ ቀጸራ ክትወሃበኩም ትኽእል እያ። እዚ ድማ እቲ ቀጸራኹም ከተኽብሩ ዘየኽኣለኩም ነ
  ካብ ዝተፈጥሓሉ ግዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ <u>10 መዓልቲ</u> ክኸውን ኣለዎ።

እዚ ኣብ ዳሕረዋይ ስርሒት ኣህጉራዊ ሓለዋ ዝተመርኮሰ እዩ።

TIGRINO

**ደረጃታት ስርሒት ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶ**

**ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶ ምቕራብ (ቀዳማይ ደረጃ)**

ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶ ግላዊ ኾይኑ ክቐርበ ዘለዎ ቦታ:
ኣብ ናይ ሓለዋ ዶብ ዘለዉ ፖሊስ፣ እዚ'ድማ መጀመርታ ናብ ዓዲ ጥልያን ምስኣተኹም እዩ፣
ኣብ መደበር ፖሊስ - ናይ ስደተኛታት ቤት ጽሕፈት ፖሊስ፣ ኣብ ዓዲ ጥልያን ኣቲኹም እንተለኹም።

ክትዝክርዎ ዘለኩም ነገር: ውላድ እንተለኩም እቲ ጉዳይኩም ዘይተመርዓዉ፣ ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑን ኣብ መሬት ዓዲ ጥልያን ዝርከቡ ደቅኹምን የጠቓልል እዩ።

ናብ ዓዲ ጥልያን ብዘይ መእተዊ ፍቓድ (ቪዛ) ኣቲኹም እንተኾይንኩም፣ ሕጊ ዓዲ ጥልያን ናይ **መንነት መላለዪ ስርሒት** የካይድ እዩ። እዚ ብፖሊስ ዝትግበር ኮይኑ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ቅድሚ ምጅማሩ መንነትኩም ክፍለጥ ስለዘለዎ እዩ።

ነዚ ብዝምልከት ኣብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ዝግበረለኩም ቆጸራ መዓስ ምዃኑ ክትሕበሩ ኢኹም። ኣብዚ ቆጸራ ሓደ ፖሊስን ኣድላዪ እንተኾይኑ'ውን ናይ መጀመርታ ቋንቋኹም ወይ ሓሳብኩም ክትገልጹሉ ትኽእሉ ቋንቋ ዝዛረብ ኣተርጓሚ ክህልው እዩ።

እቲ ፖሊስ ስእልኹምን ናይ ኣጻብዕቲ ኣሰርኩምን ክወስድ እዩ ("*Fotosegnalamento*" = ስርሒት መለለዪ መንነት)

ብድሕርዚ ጉዳይኩም ወግዓዊ ንምግባር ቆጸራ ክወሃበኩም'ዩ፣ ኣብቲ ግዜ "ብመሰረት ኣኼባ ጀኒቫ እቲ ልሙድ ናይ ስደተኛታት ደረጃ ዝሕብር ዝምላእ ወረቐት" (ልሙድ ወረቐት C/3) ክምላእ እዩ።
እቶም ዝቐርብልኩም ሕቶታት (ሽምኩም፣ ሽም ኣቦኹም፣ ተወለድኩምሉ ዕለት፣ ተወለድኩምሉ ቦታ፣ ዜግነት) ከምኡውን ብዛዕባ ቤተሰብኩም (ናይ ወለድኹም ኣስማትን ሽም ኣቦኦምን፣ ናይ ሰብኣይኪ/ሰበይትኻ ኣስማትን ሽም ኣቦኦምን፣ ናይ ደቅኹም ኣስማትን ሽም ኣቦኦምን፣ ቤተሰብኩም ዝነብሩሉ ዘለዉ ቦታን)፣ ብተወሳኺ ትሕተትዎ:

- ካብ ሃገርኩም ክሳብ ዓዲ ጥልያን ዘሎ ናይ ጉዕዞ መንገዲ ምግላጽ (እዚ'ድማ ዝተበገስኩምሉ ግዜ፣ እቲ ጉዕዞ ዝወሰደልኩም ግዜ፣ ብምንታይ ከምዝተጎዓዝኩምን)፣
- ካብ ዓድኹም ዘውጻኩም ምኽንያታት ብሓጺሩ ክትገልጹ፣
- እዞም ምኽንያታት ብሓጺሩ ክትጽሕፍዎም: እዚ ብናይ መጀመርታ ቋንቋኹም ወይ ሓሳብኩም ክትገልጹሉ ብትኽእሉ ቋንቋ ክትጽሕፍዎ ትኽእሉ ኢኹም።

**ኣይትረስዑ:** ናይ ምንባብ ወይ ምጽሓፍ ጸገም እንተለኩም ነቶም ሰራሕተኛታት ወይ ንፖሊስ ሓብሩ።

**እቶም ፖሊስ ነቲ ቀዳማይ ልሙድ ዝምላእ ወረቐት C/3 ኣትሪፎም ንዓኹም ቅዳሕ ክወሃበኩም እዩ።**

ኣብ ግዜ ቃለ-መጠይቕ ንፖሊስ ዝውሃብ ሓበሬታ ኩሉ ምስጢራዊ እዩ:
- ናብ መንግስቲ ሃገርኩም ክምሓላለፍ ኣይክእልን እዩ፣
- ኣብቲ ማእከል ወይ ካብኡ ወጻኢ ናብ ዘለዉ ሰባት ክማሓላለፍ ኣይክእልን እዩ።

**ኣብልዕሊ እቲ ልሙድ ዝምላእ ወረቐት C/3 ግላዊ ታሪኽኩም ዝገልጽ ካልእ ገጽ ክትጽሕፉ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ግድን ብቋንቋ ጥልያን ክትጽሕፍዎ የብልኩምን፣ ብናይ መጀመርታ ቋንቋኹም ክትጽሕፍዎ ትኽእሉ ኢኹም።**

እቶም ፖሊስ ወረቓቕቲ ከምዘለኩምን ዘይብልኩምን ክሓቱኹም እዮም (እዚ'ድማ ወረቐት መንነት፣ ፓስፖርት፣ ኤል ኣይ ፒ (ፍሉይ ናይ መእተዊ ፍቓድ) ወረቐት ኣባልነት ሰልፊ፣ ወረቓቕቲ ምስክር)። ፓስፖርት ዘካተት ወረቓቕቲ ኣለኩም እንተኾይኑ፣ ንፖሊስ ሃብዎም: ቅዳሕ ክወስዱ እዮም።
እቶም ፖሊስ ነቲ ቐንዲ ኣትሪፎም ክታም ዘለዎ ቅዳሕ ("ናይ ተመላሲ መዝገብ") ክህቡኹም እዮም።

**ናይ እንገዳ ሕቶ ምቕራብ**

TIGRINO

ነብስኹም ዘኽእለኩም ዓቕሚ እንተዘይብልኩም ከምኡ'ውን ኣብ ናይ መንግስቲ መአንገዲ ማእከል ዘየለኹም እንተኾይንኩም፣ ፖሊስ ምስ ምምሕድዳር ተራኺቦም ኣብ ካብቶም ብኣካባቢያዊ ኣካላት ኣብ ትሕቲ ስርሒት ሓለዋ ሓተትቲ ዑቕባን ስደታኛታትን (Sprar) ዝካየዱ ማእከላት ሓንቲ ክትእንገዱ ንኽሓቱልኩም ክትሓትዎም ትኽእሉ ኢኹም።

**ክዝከሩ ዘለዎም ነጥብታት**

- ጉዳይኩም ከተቕርቡ ከለኹም ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ብዛዕባ ክትካታተልዎ ዘለኩም ኣገባብ፣ እቲ ስርሒት ኣብ ዝካየደሉ ግዜ ዘለኩም መሰላትትን ሓላፍነታትን፣ ከምኡ'ውን ጉዳይኩም ዝድግፉ ኣድለይቲ ነገራት ንምቕራብ ዘለኩም ግዜን መንገድታትን ክሕብርኹም እዮም፣
- እቲ ቐንዲ ቤት ጽሕፈት ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶኹም ምስ ተቐበለ፣ ዝሃብኩሞ ቃል ብዝምልከት ጸብጻብ ኣዳልዮም ነቲ ሰነድ ከተሓሕዝዎ እዮም። ነዚ ጸብጻብ ትኽክል ምዃኑ ኣረጋጊጽኩም ምስፈረምኩምሉ፣ ናቱን ናይቶም ሰነዳትን ቅዳሕ ክወሃበኩም እዩ፣
- እቲ ዞባዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ናይ ስደተኛ ፍቓድ ንክህበኩም ዝኣክል ሓበሬታ ዘለዎ እንተኾይኑ ቃለ-መጠይቕ ንኸይገብረልኩም ክውስን ይኽእል እዩ። ከምኡ'ውን ከትቀርቡ ዘይትኽእሉ እንተኾይንኩም እቲ ኣካል ቃለ-መጠይቕ ንኸይገብረልኩም ወይ ንኻልእ መዓልቲ ክቕይሮ ይኽእል እዩ፣
- ንኻልእ መዓልቲ ክቕየረልኩም ከይሓተትኩም ቃለ-መጠይቕኩም ኣብ ዝግበረሉ ግዜ እንተዘይመጺኹም እቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ኣብ ዘለዎ ሰነዳት ብምሙርካስ ውሳነ ክህብ እዩ፣
- እቲ ነቶም ኣብ ስርሒት ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶኹም ዝሳተፉ ኣካላትን ሰራሕተኛታትን ትህብዎ ሓበሬታ ንመንግስቲ ሃገርኩም ኣይክግለጽን እዩ፣
- ካብ ሃገርኩም ዘውጻኩም ምኽንያት ብሙሉእ ምግላጽን ምጽሓፍን ኣድላዪ እዩ፣
- ሓሳብኩም ናይ ምግላጽን ናይ ምጽሓፍን ጸገም ዘለኩም እንተኾይኑ፣ ክትዝክርዎ ዘይትኽእሉ ነገር እንተሎ፣ ክትዝክሩን ክትገልጹን ከለኹም ድኻምን ጭንቀትን ዝስምዓኩም እንተኾይኑ ወይ ንምግላጽ ተወሳኺ ግዜ ዘድልየኩም እንተኾይኑ በጃኹም ኣብ ግዜ ቃለ-መጠይቕኩም ሓብሩ፣
- ካብ ዓድኹም ዘምለጥኩምሉም ምኽንያታት ኩሎም ንምግላጽን/ ወይ ንምጽሓፍ ዝኣክል ግዜ እንተዘይብልኩም፣ ነቶም ኣድለይቲ ምኽንያታት ገሊጽኩም እቲ ሓበሬታ ጎደሎ ምዃኑ ሓብሩ፣
- ካብ ዓድኹም ዘምለጥኩምሉም ምኽንያታት ኩሎም ክትገልጹ ዘይከኣልኩም እንተኾይንኩም፣ ብድሕሪ እቲ ምስ ፖሊስ ዝነበረ ቆጸራ ተወሳኺ ቃል ጽሒፍኩም ምስወዳእኩም ኣረክብዎ፣
- ኣብቲ ምስ ፖሊስ ወይ ኣተርጓሚ ዝተገብረ ፍጻመ ዝተባህለ ነገር ክግለጸልኩም ትደልዩ ወይ እንታይ ከምተባህለ ትጣራጠሩ እንተኾይንኩም፣ ብዝለዓለ መጠን ክትጽሕፉን ክትዝክሩን ሓገዝ ዘድልየኩም ኣንተኾይኑ እዚ ነጥብታት ንናይ ሕጋዊ ወኪልኩም ሓብርዎ፣
- ኩሉ ግዜ ከይረሳዕኩም ንፖሊስ ናይ ተረከብዎም ሰነዳት ቅዳሕ ኣትርፉ።

ናይ ዑቕባ ጉዳይ ዝምልከት ርክባት ኩሉ (ንምሳሌ ኣብ ቅድሚ ፖሊስ ወይ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ዝግበር ፍጻመ፣ ናይ ወረቓቕቲ ምቕራብ ሕቶ፣ ናብ ካልእ ሃገር ናይ ምምሕልላፍ ጉዳይ፣ ናይ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ውሳነታት) ብናይ መጀመርታ ቋንቋኹም ክግበር እዩ፣ እዚ ዘይከኣል እንተኾይኑ ብኢንግሊዝኛ፣ ፈረንሳይኛ፣ ስፓኒሽ ወይ ዓረብ ኮይኑ ብዝሓበርኩሞ ምርጫኹም ዝተሞርከሰ ይኸውን።

TIGRINO

| ፍጻመ ጉዳይ (ካልኣይ ደረጃ) |
|---|

ሕቶ ኣህጉራዊ ሓለዋ ብዝምልከት ውሳነ ናይ ምሃብ ስራሕ ዝፍጽሞ ኣርባዕተ ኣባላት ብዘለውዎ **ዞባዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ናይ ምሃብ ፍቓድ ኣህጉራዊ ሓለዋ** ዝብሃል ኣካል እዩ፡

- 2 ኣባላት ካብ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት
- 1 ወኪል ናይ ምምሕዳር (ወይ ናይ ዞባ)
- 1 ወኪል ናይ ዩ ኤን ኤች ሲ ኣር (UNHCR)

እቲ ሕጊ ከምዝብሎ እቲ ናብቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ዝግበር ፍጻመ (ወይ ቃለ-መጠይቕ) ዝዕድም ሓበሬታ ካብ ፖሊስ ብጽሑፍ መልክዕ ክለኣኽ ኣለዎ።

ኣብቲ ፍጻመ ቋንቋኹም ዝዛረብን ዝበሃል ዘሎ ነገራት ዘተርጉምን ኣተርጓሚ ክህልው እዩ።

ብናይ ጥዕና ጸገም ምኽንያት መዓልቲ ፍጻመ ክቕየረልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ መረጋገጺ ክድልዮ እዩ። ወይ ብኻልእ ከቢድ ጸገማት ቃለ-መጠይቕኩም ምስ ሓደ ኣባል ናይቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካልን ምሳኹም ተማሳሳሊ ጾታ ብዘኾነ ሰብ ክግበረልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ንሰራሕተኛታት ናይቲ ማእከል ምሕባር ኣድላዪ እዩ።

እቲ ፍጻመ ሕቶ ካብ ዝቐረበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ **30 መዓልቲ** ክካየድ እዩ። እቲ ኣካል'ውን ውሳነ ብድሕሪ'ዚ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ክህብ እዩ።

ክትዝክርዎ ዘለኩም ነግራት፡

- ጉዳይኩም ብግልጺ ፍሉጥ እንተኾይኑ ንስኹምውን ተጎዳእቲ ኮይንኩም እንተተረኺብኩም ሕቶኹም ናይ **ቀዳምነት ምርመራ** ክግበረሉ እዩ።
- እቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ናይ ስደተኛ ፍቓድ ዘለዎ ሰብ እንተኾይንኩም ወይ ቅድሚ ሕጂ ተነጺግኩም ኮይኑ ሓድሽ ጭብጥታት ወይ ዘጋጠመኩም ፍጻመታት ዘይብልኩም እንተቐሪብኩም ሕቶኹም **ተቐባልነት ከምዘይብሉ ክገልጽ'ዩ**።

እቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል መዓልቲ ቆጸራ ክቕይረሉ ንምውሳን ዘኽእልዎ ነጥብታት፡

- ውሳነ ንምውሳድ ተወሳኺ ግዜ ወይ ሰነዳት ምስዘድልዮ፣
- ኣብቲ ቆጸራኹም ክትርከቡ ዘይትኽእሉ እንተኾይንኩም፣
- ምስ ኣተርጓሚ ናይ ዘይምርድዳእ ጸገማት ምስዝህልዉ።

እቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ዝሓተኩም ዓይነት ሕቶታት፡

- ብዛዕባኹምን ቤተሰብኩምን ዝምልከት ሓበሬታታት፣
- ብዛዕባ ጉዕዞኹም፣
- እቶም <u>ካብ ሃገርኩም ከምትወጹ ዘገበሩኹም ምኽንያታት</u>፣
- ናብ ዓድኹም ክትምለሱ ዘይትደልዩሎም ወይ ዘይትኽእሉሎም ምኽንያታት።

**ክትዝክርዎ ዘለኩም ነገራት፡**

- ትሕቲ ዕድመ እንተኾይንኩም ጉዳይኩም በቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ክርኣይ ከሎ ካብ ወለድኹም ሓዲኦም ወይ ሓላፍነት ወሲዱ ዝኣልየኩም ሰብ ኣብ ዘለዎ እዩ፣
- ኣብ ቅድሚ እቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ምስ ቀረብኩም ሓሳባትኩም ብናይ መጀመርታ ቋንቋኹም ናይ ምግላጽ መሰል ኣለኩም፣
- ምስ ኣተርጓሚ ናይ ምርድዳእ ጸገም እንተለኩም፣ በጃኹም ነቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ሓብርዎ፣
- እቲ ጉዳይኩም ክርኣይ ከሎ ዝወሃብ ሓበሬታ ብምስጢር ዝትሓዝ እዩ፣
- ብመሰረት ሕጊ ጉዳይኩም ኣብ ዝርኣየሉ ግዜ ብጠበቓ ክትሕገዙ ኢኹም። ጉዳይኩም ቅድሚ ዝርኣየሉ መዓልቲ ምስ ጠበቓ ተራኺብኩም ንኽትማኸሩ ኣብቲ ማእከል ንዘሎ ናይ ሕጋዊ ጉዳያት ሰራሕተኛ ሓብርዎ፣
- ጉዳይኩም ቅድሚ ዝርኣየሉ መዓልቲ ናብቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ሰነዳትን ቃልኩም ዝሓዘ ደብዳቤን ክትሰዱ ትኽእሉ ኢኹም፣
- ታሪኽኩም ብሙሉእን ጸብጻብ ብዝርዝር ዝህብ መንገድን ምንጋር ኣድላዪ እዩ፣

TIGRINO

- ሓሳባትኩም ናይ ምግላጽ ጸገም እንተለኩም፣ ክትዝክሩ ዘይትኽእሉ እንተኾይንኩም ወይ ጸገም እንተለኩም፣ ክትዝክሩ ወይ ክትገልጹ ከለኹም ሕማቕ ዝስማዓኩም እንተኾይኑ ጉዳይኩም ኣብ ዝርኣየሉ ግዜ ሓብሩ፣
- ኣካላዊ ወይ ናይ ስነ-ኣእምሮ ጸገም እንተለኩም ነቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ክትሕብርዎ ኣለኩም። ሓገዝ ዘድልየኩም እንተኾይኑ ብናይቲ ማእከል ሰራሕተኛታት ክወሃበኩም እዩ፣
- ጉዳይኩም ኣብ ዝርኣየሉ ሰዓት ትብልዎ ነገራት ኣብ ወረቐት (መዝገብ) ክጽሓፍ እዩ፣ ነዚ ክትፍርሙሉ ኢኹም፣ ጉዳይኩም ምስተሰምዐ እቲ ወረቐት ክወሃበኩም እዩ። ኣብቲ ወረቐት **<u>ቅድሚ ምፍራምኩም እንታይ ተጻሒፉ ከምዘሎ ክትርጎመልኩም ሕተቱ</u>**፣ እዚ ድማ ዝሃብኩሞ ሓበሬታ ብትኽክል ከምዝተጻሕፈ ንምርግጋጽ እዩ። ምፍራም እንተኣቢኹም ዝኣበኹምሉ ምኽንያት ክግለጽ እዩ። ኣይፋል ምባልኩም ነቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋን ፍቓድን ዘቕረብኩሞ ሕቶ ብዝምልከት ውሳነ ካብ ምውሳድ ኣይከትርፎን እዩ።

**ብፍላይ ትሕቲ ዕድመን ኣብ መሬት ዓዲ ጥልያን ዘለኹምን እንተኾይንኩም፡**

- እቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ካብ ወለድኹም ሓደ ወይ ሓላፍነት ዝወስድ ሰብ ኣብ ዘለዎ ጥራይ እዩ ጉዳይኩም ዝርእይ፣
- እቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ብዘቕረብኩሞ ሰነዳትን ንፖሊስ ዝሃብኩሞ ቃል ብምርኣይን <u>ናይ ፍቓድ ምውሃብ ውሳነ</u> እንተወሲዱ <u>ናብቲ ጉዳይኩም ዝርኣየሉ ፍጻመ ንኽትቀርቡ ንኸይጽውዓኩም ውሳነ ክወስድ ይኽእል እዩ</u>።

TIGRINO

ክትግበር ዝኽእል ደረጃ

**ኣብ ናይ መንግስቲ መዕረፊ ማእከል ትእንገዱ ኣለኹም**

ኣብ ናይ መንግስቲ ንሓተትቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ዝኸውን ናይ ዑቕባ ማእከል ክትእንገዱሉ ትኽእሉ ኩነታት፡

1. **ሕቶ ዘቕረብኩሞ ካብ ሓለውቲ ዶብ እንዳሃደምኩም ወይ ክትሃድሙ እንዳፈተንኩም ወይ ደድሕሪዚ ዝተታሓዝኩም እንተኾይኑ፣**

2. **ሕቶ ዘቕረብኩሞ ብዘይፍቓድ እንዳነበርኩም ከለኹም ምስተታሓዝኩም እንተኾይኑ፣**

**ብመሰረት ናይ ዓዲ ጥልያን ሕጊ ካብቲ ማእከል ብዘይ ፍቓድ ምውጻእ ንናይ ዑቕባ ሕቶኹም ተሪፉ ማለት ኣይኮነን፡ ኮይኑ'ግን እቲ ስልጣን ዘለዎ ዞባዊ ኣካል ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ዘቕረብኩሞ ሕቶ ብዝምልከት ኣብ ዘለዎ ሰነዳት ብምሙርካስ ውሳነ ክህብ እዩ።**

ንደገ ክትወጹ ወይ ዝኾነ ካልእ ነገር ክትገብሩን ከምኡ'ውን ተወሳኺ ሓበሬታ እንተደሊኹም፣ ኩሉ ግዜ ንኣብቲ ማእከል ዝርከብ ናይ ሕጊ ሰራሕተኛ ሕተትዎ።

ነጥብታት 1ን 2ን ብዝምልከት ዑቕባ ካብ ዝሓተትኩምሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብቲ ማእከል ካብ **35 መዓልትታት** ንላዕሊ ኣይክትቅመጡን ኢኹም።

***ወይ***

***3 – መንነት ወይ መንዓዚ ወረቐት ዘይብልኩም እንተኾይንኩም ወይ ንምትላል ዝተሰርሑ ሰነዳት ኣርኢኹም እንተኾይንኩም፣ መንነትኩም ወይ ዜግነትኩም ንምፍላጥ ኣድላዪ ኣብዝኾነሉ ኩነታት፣***

**ክትዝክርዎ ዘለኩም** ከምዚ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ካብ 20 መዓልቲ ንዘይበዝሕ ኣድላዪ ነገራት ክሳብ ዝፍጸም ንዝድልይ ግዜ ጥራይ ኢኹም ትተሓዙ።

**ብመሰረት ናይ ዓዲ ጥልያን ሕጊ ካብቲ ማእከል ብዘይ ፍቓድ ምውጻእ ንናይ ዑቕባ ሕቶኹም ተሪፉ ማለት ኣይኮነን፡ ኮይኑ'ግን እቲ ስልጣን ዘለዎ ዞባዊ ኣካል ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ዘቕረብኩሞ ሕቶ ብዝምልከት ኣብ ዘለዎ ሰነዳት ብምሙርካስ ውሳነ ክህብ እዩ።**

ንደገ ክትወጹ ወይ ዝኾነ ካልእ ነገር ክትገብሩን ከምኡ'ውን ተወሳኺ ሓበሬታ እንተደሊኹም፣ ኩሉ ግዜ ንኣብቲ ማእከል ዝርከብ ናይ ሕጊ ሰራሕተኛ ሕተትዎ።

***ካብቲ ማእከል ምውጻእ:*** *ብመሰረት ሕጊ ካብቲ ማእከል ብቐትሪ ክትወጹ ትኽእሉ ኢኹም። ብተወሳኺ'ውን ኣብ ካልእ ሰዓታት ንምውጻእ ፍቓድ ክወሃበኩም ነቲ በዓል መዚ ክትሓትዎ ትኽእሉ ኢኹም። ከቢድ ግላዊ፣ ናይ ጥዕና ወይ ናይ ቤተሰብ ጸገም እንተለኩም፣ ወይ ብናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶኹም ዝምልከት ንንውሕ ዝበለ ግዜ ንምውጻእ ፍቓድ ክወሃበኩም ይከኣል እዩ።*

ዘጠራጥረኩም ነገር እንተሎ ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ እንተደሊኹም፣ ናይቲ ማእከል መምርሕታት ኣንብቡ ወይ ንሰራሕተኛ ኣዛርቡ።

**ብሓፈሻዊ:**

- ኣብ ነጥብታት 1፣ 2ን 3ን ዘሎ፣ በዓል መዚ ፖሊስ ናይ ኣህጉራዊ ሕቶኹም ምስተቐበለ ሓተትቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ምዃንኩም ዝሕብር ወረቐት ሂቡ ናብ ማእከል ሓተትቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ከምትውሰዱ ክገብር እዩ። እዚ ናይ መንበሪ ፍቓድ ከምዘይኮነ ኣይትረስዑ።

TIGRINO

- ትእንገዱሉ ግዜ ምስተወድአ ንሰለስተ ኣዋርሕ ዘገልግል ግዚያዊ መንበሪ ፍቓድ ክወሃበኩም እዩ። እዚ ናይ ሕቶኹም ውሳነ ክሳብ ዝውሃብ ዘገልግል ኮይኑ ንኽትሰርሑ ዘፍቅድ ግን ኣይኮነን።

- ትእንገዱሉ ግዜ ምስተወድአን ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ፍቓድ ምስ ተቐበልኩምን ካብቲ ማእከል ክትወጹ ኣለኩም። ኣብ ዓዲ ጥልያን'ውን ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክትንቀሳቐሱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብዚ ግዜ'ዚ ምንቅስቓስኩም ብዝምልከት ንቤት ጽሕፈት ፖሊስ ሓቢርኩም ኣበይ ክትነብሩ ምዃንኩም ኩሉ ግዜ ንገርዎም። እዚ ትቕበልዎ ደብዳቤታትን ኣብ ቅድሚ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ምቕራብን ብዝምልከት ኣድላዪ እዩ። ካብቲ ማእከል ክትወጹ ከለኹም ብዛዕባ ንመጻኢ ትእንገዱሉ ቦታ ሓበሬታ ንምርካብ ነቶም ሰራሕተኛታት ኣዛርብዎም።

- ጉዳይኩም ብዝምልከት ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶ ካብ ዘቕረብኩሞ ግዜ ጀሚሩ ክሳብ ድሕሪ 6 ኣዋርሕ ውሳነ እንተዘይተዋህበ፣ ን6 ኣዋርሕ ዘገልግልን ናይ ጉዳይኩም ውሳነ ክሳብ ዝውሃብ ክትሰርሑ ዘኽእል ናይ መንበሪ ፍቓድ ናይ ምርካብ መሰል ኣለኩም።

- እቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ግላዊ ጉዳይኩም ቅድሚ ምርኣዩ ሕቶኹም ክተትርፍዎ እንተወሲንኩም፣ ከምዚ ከምዝተገብረ ንዘባዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ሓበሬታ ክወሃብ እዩ።

**ክትዝክርዎ ዘለኩም ነገር** ብመሰረት ናይ ኣውሮጳ ሕጊ ውሳነ ክውሃበኩም ኣብ ትጽበዩሉ ዘለኹም ግዜ ካብ ዓዲ ጥልያን ክትወጹ ኣይትኽእሉን ኢኹም።
ናብ ካልእ ናይ ኣውሮጳ ሃገር እንተኼድኩም፣ ካብ ሕጊ ወጻኢ ናይ ምንባር ስግኣት ክህልወኩም እዩ።
ናብ ካልእ ናይ ኣውሮጳ ሃገር ኬድኩም ዑቕባ እንተሓቲትኩም፣ ናብ ዓዲ ጥልያን ክትምለሱ ትኽእሉ ኢኹም ምኽንያቱ ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶኹም ብዝምልከት ውሳነ ናይ ምውሳድ ሓላፍነት ዘለዋ ሃገር ብምዃና እዩ (ካልኣይ መምርሒ ዱብሊን)።

## ኣብ ማእከል ናይ ሓተትቲ ዑቕባ ዘለኩም መሰላት

ብመሰረት ሕጊ ዓዲ ጥልያን፡

- ሕክምናን ቀዳማይ ረድኤትን ናይ ምርካብ **መሰል ኣለኩም**
- ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ነንበይኖም መንበሪ ቦታ ናይ ምህላውን ምስ ኣዝማድኩም ብሓንሳብ ትነብሩሉ ቦታ ናይ ምህላውን **መሰል ኣለኩም**
- እዞም ዝኽተሉ ክበጽሑኹም **መሰል ኣለኩም፡**

- ናይ ዩ ኤን ኤች ሲ ኣር (UNHCR) ወኪላት፣
- ጠበቓታት፣
- ስልጣን ዘለዎም ተዓዘብቲ ስደተኛታት፣
- ንበዓል መዚ ፍቓድ ሓቲቶም ዝተዋህቦም ኣዝማድኩም ወይ ዜጋታት ዓዲ ጥልያን።

ብተወሳኺ'ውን፡

- ከማኹም ጾታ ዝኾነ ሰራሕተኛ ይሕሸኒ በሃልቲ እንተኾይንኩም፡ ከምኡ ምስ ዝኾነ ሰራሕተኛ ክትዛረቡ ወይ ብእኦም ንኽትብጽሑ ምሕታት ትኽእሉ ኢኹም። ከምኡ'ውን ነቶም ሰራሕተኛታት ኣብ ቅድሚ እቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ቃለ-መጠይቕ ክግበረልኩም ከሎ ሓደ ከምናትኩም ጾታ ዝኾነ ሰብ ንኽህሉ ምሕታት ቅቡል እዩ፣
- ነቶም ሰራሕተኛታት ኣመጋግባ ብዝምልከትን ካልእ ፍሉይ ነገራት ንኣብነት ሃይማኖት ብዝምልከት ምርጫታትኩም ክትሕብርዎም **ትኽእሉ ኢኹም።**

<u>**ፍልይ ዝበለ ኹነታት እንተጋጢምኩም**</u>
ንምሳሌ፣

- ጥንሲ እንተለኩን፣
- ኣካላዊ ጸገም እንተለኩም፣
- ዕድመ ዝደፋእኩም እንተኾይንኩም፣
- ሕማም እንተለኩም፣
- ኣካላዊ ወይ ናይ ስነ ኣእምሮ ግፍዒ ዝወረደኩም እንተኾይንኩም፣
- ስቓይ ወይ ሕማቕ ኣተሓሕዛ ዘጋጠመኩም እንተኾይንኩም፣
- ጾታዊ ዓመጽ ዝወረደኩም እንተኾይንኩም፣

TIGRINO

ኣድላዪ ሓገዝ መታን ክወሃበኩም ኣብቲ ማእከል ንዘለዉ ሰራሕተኛታት ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ ዘጋጠመኩም ከቢድን ዘሳቕይ ተሞክሮታት ካብ ምንጋር ድሕር ኣይትበሉ። እቲ ትህብዎ ሓበሬታ ብጥብቂ ምስጢራውን ብዘይ ፍቓድኩም ዘይግለጽን እዩ።

<u>**ኣብ ዓዲ ጥልያን ንበይኑ ዘለኹምን ትሕቲ ዕንድመን እንተኾይንኩም:**</u>

- ትሕቲ 18 ዓመት ምዃንኩም ንናይ ማእከል ሰራሕተኛታት ሓብሩ፣ ምኽንያቱ ትሕቲ ዕድመ ስለዝኾንኩም ኣብቲ ማእከል ክትህልዉ ኣይግብኣኩምን'ዩ። ንዕድመኹም ብቑዕ ኣብዝኾነ ቦታ ናይ ምንባር መሰል ኣለኩም፣
- ንዓኹም ንምሕላው፣ ሓልዮት ዝህብ ሰብ ክምደበልኩም እዩ። እዚ ኣብ ዓዲ ጥልያን ኣብ ዘለኹሞ ግዜ ዝሕግዘኩም ሰብ እዩ (ንምሳሌ፣ ንናይ ዑቕባ ሕቶኹም ዘድልዩ ወረቓቕቲ ንምስንዳው ብምሕጋዝ፣ ግላዊ ቃለ-መጠይቕኩም ኣብዝግበረሉ እዋን ብምሕጋዝ)። እቲ ሓልዮት ዝህበኩም ሰብ ምስ ካልእ ነገራት ሓዊስካ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ምእታዉ ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ኣለዎ፣
- ኣዝማድኩም ደሊኹም ምርካብ ይክኣል'ዩ። ንናትኩምን ናይ ኣዝማድኩምን ድሕንነት ንምሕላው ኣዝማድኩም ዝርከቡሉ ሓበሬታ ናብ ናይ ሃገርኩም መንግስትን ካልኦት ሰባትን ዘመሓላልፍ ሰብ ከምዘየሎ ኣይትረስዑ፣
- ናብ ቤት ትምህርቲ ናይ ምኻድ መሰል ኣለኩም፣
- ዕድመኹም ንምርግጋጽ፣ እዚ'ውን ብፍቓድኩም ኮይኑ ኣብቲ ማእከል ወይ ኣብ ዝቐረበ ሆስፒታል ፍሉይ ምርመራ (ናይ ኢድ ራጂ) ወይ ካልእ ዓይነት ምርመራታት ይግበረልኩም ይኸውን እዩ። እዞም ምርመራታት ትኽክል ዕድመኹም ብርግጽ ንምፍላጥ ውሱን መጠን ጌጋ ክህልዎም ይኽእል እዩ። እቲ ዝወሃበኩም ዕድመ ምስቲ ትኽክል ዕድመኹም ዘይሰማማዕ እንተኾይኑ፣ ብዛዕብኡ ምስቶም ሰራሕተኛታት ተመያየጡ። ሕክምናዊ ምርመራ ክግበረልኩም ምእባይ ሕቶኩም ንኽይርኣይ ዝገብር ወይ ነቲ ውሳነ ዘወግን መሰናኽል ኣይኮነን።

ነፍስ ወከፍ ጸገማት ብዝምልከት ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ንሰራሕተኛ ኣዛርቡ።

| ከም መጠን ሓታቲ ኣህጉራዊ ዑቕባ ዘለኩም መሰላት |
|---|

- ናይ መንበሪ ፍቓድ ምስተዋሃበኩም፣ ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና ብምምዝጋብ ናይ ጥዕና ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ክህልወኩምእዩ።
- ጉዳይ ስራሕ ብዝምልከት ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ካብ ዝቐረበሉ ግዜ ጀሚሩ ብዝምልከቶ ኣካል ኣብ ውሽጢ ሽድሽተ ኣዋርሕ ውሳነ እንተዘይተዋሂቡ፣ እዚ ድማ ብናትኩም ጉድለት እንተዘይኮይኑ፣ እቲ ናይ መንበሪ ፍቓድ ንሽድሽተ ኣዋርሕ ክሕደስን እቲ ናይ ውሳነ ምሃብ ስርሒት ክሳብ ዝውዳእ'ውን ንኽትሰርሑ ክፍቀደልኩምን እዩ። ኮይኑ'ግን እቲ ናይ መንበሪ ፍቓድ ብናይ ስራሕ ምኽንያት ናብ ናይ መንበሪ ፍቓድ ክቕየር ኣይክእልን'ዩ።
- ብተወሳኺ፣ ኣባላት ቤተሰብኩም ንምምጻእ ክትሓቱ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

TIGRINO

## እቲ ዞባዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ክህቦም ዝኽእል ውሳነታት (ሳልሳይ ደረጃ)

ብጽሑፍ መልክዕ እቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል፡

1. **ናይ ስደተኛ ፍቓድ ክህብ ይኽእል እዩ፡**
2. **ናይ ስደተኛ ፍቓድ ብምእባይ ናይ ካልኣይ ደረጃ ሓለዋ ፍቓድ ክህብ ይኽእል እዩ፣** ከምዚ ዝኸውን ናብ መበቆል ሃገርኩም እንተተመሊስኩም ከጥቅዓኩም ዝኽእል ከቢድ ስግኣት ኣሎ ኢሉ ምስዝሓስብ እዩ፡
3. **ናይ ስደተኛ ፍቓድ ምሃብ ክኣብይ ይኽእል እዩ፣** ኮይኑ'ግን ከቢድ ናይ ሰብኣዊ ኹነታት ኣሎ ኢሉ ብምእማን ንኣካል ፖሊስ **ብምኽንያት ሰብኣዊ ኩነታት** ናይ መንበሪ ፍቓድ ክሁቡኹም ክሓትት ይኽእል እዩ፡
4. **ናይ ስደተኛ ፍቓድ ብምእባይ ሕቶኹም ክነጽጎ ይኽእል እዩ።**
5. **ሕቶኹም መሰረታዊ ብቕዓት እንተዘይብሉ ክነጽጎ ይኽእል እዩ፣** እዚ ድማ ኣህጉራዊ ሓለዋ ዘድልየኩም ምኽንያት ዝሕብር ጭብጥታት ምስዘይህልው እዩ፣ ወይ ከኣ ዘቕረብኩሞ ሕቶ  ንኽትስጎጉ ወይ ንኽትንጸጉ ዝግበር ስርሒት ንምዕታግ ብዝብል ምኽንያት ዝገበርኩሞ እንተኾይኑ። ከምዚ ኣብዝኾነሉ እዋን ናይቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ውሳነ ከተቕርብዎ ትኽእሉ ተቓውሞ ነቲ ፍጻመ ናይቲ ጉዳይ ኣይከዓግቶን እዩ። ኮይኑ'ግን ንቤት ፍርዲ ከቢድን መሰረት ዘለዎን ነጥብታት ምስዝህልው መዓልቲ ክቕየረልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም፣ እቲ ቤት ፍርዲ ኣብ ውሽጢ ቐጺሉ ዘለዉ ሓሙሽተ መዓልታት ክውስን እዩ።

## ናይ ስደተኛ ፍቓድ እንተተዋሂብኩም

እቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ናይ ዑቕባ መንበሪ ፍቓድኩም ካብ ፖሊስ ክወሃበኩም ስርሒት ክጅምር እዩ።

እቲ ናይ ዑቕባ መንበሪ ፍቓድ ን5 ዓመት ዘገልግል ኮይኑ መዓልቱ ምስ ወደቐ ምሕዳስ ይከኣል እዩ።

### ናይ ስደተኛ መሰላት፡

- ስራሕ ናይ ምርካብ ዕድል፣
- ኣባላት ቤተሰብ ናይ ምስሓብ መሰል
- ማሕበራዊ ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል
- ናይ መጎዓዚ ወረቐት ዘውህበኩም መሰል

ናይ መጎዓዚ ወረቐት ምልክታ ነዞም ዝስዕቡ ሰነዳት ብምድላው ናብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ክቐርብ ኣለዎ፡
  - ናይ መጎዓዚ ወረቐት መሕተቲ ዝምላእ ወረቐት
  - 2 ናይ ፓስፖርት ስእልታት
  - 1 ቴምብር
  - ንፓስፖርት ትኸውን ናይ ስርሒት ቴምብር
  - ናይቲ መዓልቱ ዘይወደቐ መንበሪ ፍቓድ ቅዳሕ
- ህዝባዊ ትምህርቲ ናይ ምርካብ መሰል፣
- ኣብ ውሽጢ መሬት ሕቡራት ሃገራት ኣውሮጳ (ብዘይካ ዴንማርክን ዓዲ እንግሊዝን) ብዘይ ፍቓድ ካብ ሰለስተ ኣዋርሕ ንዘይነውሕ ግዜ ብናጻ ናይ ምንቅስቓስ መሰል፣
- ኣብ ዓዲ ጥልያን ን5 ዓመታት ብድሕሪ ምንባር ናይ ዓዲ ጥልያን ዜግነት ናይ ምሕታት መሰል፣
- ናይ ምምርዓው መሰል (እቲ ፍቓብ ብ ዩ ኤን ኤች ሲ ኣር (UNHCR) እዩ ዝወሃብ)፣
- ናይ መንግስቲ ኣባይቲ ክውህበኩም ናይ ዝኽእል ተሳትፎ መሰል፣
- ናይ መዘወሪ ማኻይን ፍቓድ ክትሕዙሉ ትኽእሉ መሰል።

ተወሳኺ ሓበሬታን ሓገዝን ንምርካብ፣ ኣብ ዘለኹሞ ቦታ ጉዳያት ሓለዋ ናይ ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ምስ ዘካይዳ ውድባት ተራኸቡ።

TIGRINO

## ናይ ካልኣይ ደረጃ ሓለዋ ፍቓድ ዝተዋሃብኩም እንተኾይንኩም

ብዛዕባ እቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ዝሃቦ ውሳነ ክትሕበሩ ኢኹም፣ ከምኡ'ውን ናይ ካልኣይ ደረጃ ሓለዋ ፍቓድኩም ካብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ክትወስዱ ኢኹም።

እቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ ሓለዋ መንበሪ ፍቓድ ን3 ዓመት ዘገልግል ኮይኑ መዓልቱ ምስ ወደቐ ምሕዳስ ይከኣል እዩ። እዚ ድማ እቲ ዞባዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ጉዳይኩም ዳግም ምስረኣዮ እዚ'ውን ሓድሓደ ግዜ ሓድሽ ኣኼባ ብዘይምግባር ይኸውን።

እቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ ሓለዋ ፍቓድ ብተወሳኺ ብናይ ስራሕ ምኽንያት ናብ ናይ መንበሪ ፍቓድ ክቕየር ይከኣል እዩ። እዚ ምናልባት መንነት፣ ፓስፖርት ወይ መጎዓዚ ወረቐት ዘለኩም እንተኾይንኩም እዩ (ብኸመይ ከምኡ ክትገብሩ ከምትኽእሉ ንምፍላጥ ናይ ስደተኛታት መሰላት ንምሕላው ንዝሰርሓ ውድባት ሕተቱ **<u>እዚ ናይ መንበሪ ፍቓድኩም ቅድሚ ዝወድቀሉ መዓልቲ ክኸውን ኣለዎ</u>**)፡

**ነቶም ናይ ካልኣይ ደረጃ ሓለዋ መንበሪ ፍቓድ ዝተዋህቦም ዘለዎም መሰላት፡**

- ናይ ስራሕ ዕድል (እዚ ካብ ናይ ፍቓድኩም ንዘይነውሕ ግዜ እዩ)፣
- ሓገዝ ጥዕና ናይ ምርካብ መሰል፣
- ኣባላት ቤተሰብ ናይ ምስሓብ መሰል፣
- ማሕበራውን ናይ ጽሬትን ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል፣
- ንወጻእተኛታት ናይ መጎዓዚ ወረቐት ምውሃብ፣ እዚ ፓስፖርት ዘይብልኩም እንተኾይኑ እዩ፣
- ናይ መንግስቲ ኣባይቲ ከውህበኩም ናይ ዝኽእል ተሳትፎ መሰል፣

ተወሳኺ ሓበሬታን ሓገዝን ንምርካብ፣ ኣብ ዘለኹሞ ቦታ ጉዳያት ሓለዋ ናይ ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ምስ ዘካይዳ ውድባት ተራኸቡ።

## ብምኽንያት ሰባኣዊ ኩነታት መንበሪ ፍቓድ ዝተዋህበኩም እንተኾይንኩም

ብዛዕባ እቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ዝሃቦ ውሳነ ክትሕበሩ ኢኹም፣ ከምኡ'ውን ብምኽንያት ሰባኣዊ ኹነታት ዝተዋህበ መንበሪ ፍቓድኩም ካብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ክትወስዱ ኢኹም።

እቲ ብምኽንያት ሰባኣዊ ኹነታት ዝተዋህበ መንበሪ ፍቓድ ን፤ ዓመት ዘገልግል ኮይኑ ፓስፖርት እንተለኩም ናብ ናይ ንምስራሕን ምንባርን ዘገልፍል ፍቓድ ክቕየር ይከኣል እዩ።

**ብምኽንያት ሰብኣዊ ኩነታት መንበሪ ፍቓድ ንዝተዋህቦም ሰባት ዘለዎም መሰላት፡**

- ኣብ መሬት ዓዲ ጥልያን ክትሰርሑ ትኽእሉ ኢኹም፣
- ሓገዝ ጥዕና ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፣
- ንወጻእተኛታት ዝኸውን ናይ መጎዓዚ ወረቐት ክትውሃቡ ምሕታት ትኽእሉ ኢኹም፣ እዚ ፓስፖርት ዘይብልኩም እንተኾይኑ እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታን ሓገዝን ንምርካብ፣ ኣብ ዘለኹሞ ቦታ ጉዳያት ሓለዋ ናይ ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ምስ ዘካይዳ ውድባት ተራኸቡ።

TIGRINO

**ይግባይ ምባል (ራብዓይ ደረጃ)**

**እቲ ዞባዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ዝሃቦ ውሳነ ካብ ዝሰማዕኩሙሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ኣብ ቤት ፍርዲ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም።**

ኣብ ንሓተትቲ ዑቕባ ዝኸውን ናይ መንግስቲ ማእከል (Cara) ወይ ኣብ *(Centro Identificazione ed Espulsione)* -ናይ መንነት መለለዪን መስጎግን ማእከል (CIE) ትእንገዱ እንተለኹም፣ ውሳነ ካብ ዝተነገረኩም መዓልቲ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ንቤት ፍርዲ ይግባይ ናይ ምቕራብ መሰል ኣለኩም (30 ኣይኮነን)።

**ናይ ይግባይ ሕቶ ንናይቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ዝህቦ ውሳነ ብግዚያዊ መልክዕ ከዓግተሉ ዝኽእል ኩነታት፡**

ሃ) ሕቶኹም ኣብ ዘቕረብኩምሉ ግዜ ናይ መንበሪ ፍቓድ ተዋሂብኩም እንተኔሩ፣
ለ) መንነትኩም ወይ ዜግነትኩም ንምልላልይ ብምድላዩ ኣብ ናይ መንግስቲ መቐበሊ ማእከል (CARA) ተኣንጊድኩም እንተኔርኩም፣

እዚ ኣብ መሬት ዓዲ ጥልያን ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ዑቕባ ንምሕታት መንበሪ ፍቓድ ተዋሂብኩምን ብሕጋዊ መልክዕ ናይ ምጽናሕ መሰል ሃልይኩም ናይ ቤት ፍርዲ ውሳነ ክትጽበዩ ከለኹም እዩ።

**ኣስተውዕሉ**

**ኣብዞም ተኸቲሎም ዘለዉ ኣብነታዊ ኩነታት ናይ ይግባይ ሕቶ ምቕራብ ንምቕጻል ኣብ ምጉት ዘሎ ስርሒት ኣይከዓግቶን እዩ፡**

- እቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ጉዳይኩም ርእዩ ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶኹም ተቐባልነት ከምዘይብሉ ምስዝሕብር፣
- እቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ጉዳይኩም ርእዩ ናይ ካልኣይ ደረጃ ሓለዋ ምስዝፈቕደልኩም፣
- እቲ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ውሳነ ዝሃቦ ካብ ናይ መንግስቲ ማእከል (CARA) ብዘይ ኣገባብ ብድሕሪ ምውጻእኩም እንተኾይኑ፣
- ሕቶኹም መሰረት ብግልጺ ስለዘይብሉ ናይ ምንጻግ ውሳነ እንተተወሲዱ፣
- ይግባይ ዝበልኩም ካብ ሓለዋ ክትሃድሙ ከለኹም ወይ ንምህዳም ክትፍትኑ ከለኹም ወይ በብድሕሪ'ዚ ተታሒዝኩም ኣብ ናይ መንግስቲ ማእከል (CARA) ምስኣተኹም እንተኾይኑ ወይ ብዘይ ፍቓድ እንዳተቐመጥኩም ዝተታሓዝኩም እንተኾይንኩም፣
- ኣብ ሲ ኣይ ኢ (CIE) ተታሒዝኩም እንተለኹም።

እዚ ኣብዞም ተዘርዚሮም ዘለዉ ኣብነታዊ ኩነታት፣ ብዘይካ ናይ ካልኣይ ደረጃ ሓለዋ ምስዝፍቀደልኩም፣ ኣብ መሬት ዓዲ ጥልያን ናይ ምጽናሕ መሰል ዘይብልኩም ኮይኑ ናብ መበቆል ሃገርኩም ክትምለሱ ትኽእሉ ኢኹም፣ ኮይኑ'ግን ንቤት ፍርዲ ከቢድን መሰረት ዘለዎን ነጥብታት ምስዝህልው መዓልቲ ክቕየረልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ብመሰረት ሕጊ ናይ ጠበቓ ሓገዝ ክትሓቱ ኣለኩም። ንጠበቓ ክትከፍሉ ዘይትኽእሉ እንተኾይንኩም፣ ናጻ ዝኾነ (ብመንግስቲ ዝኽፈል) ናይ ሕጊ ሓገዝ ክወሃበኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ኣብ ዘለኹሞ ቦታ ዘለዋ ጉዳያት ሓለዋ ናይ ስደተኛታት ምስ ዘካይዳ ውድባት ወይ ኣብ ዘለኹሞ ማሕበረሰብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት ተራኸቡ።

**ኣስተውዕሉ፡**
**እቲ ናይ ቤት ፍርዲ ውሳነ ፍትሓዊ ኮይኑ እንተዘይተሰሚዕኩም፣** ናብ ናይ ይግባይ ቤት ፍርዲ ብምቕራብ ከቢድን መሰረት ዘለዎ ነጥብታት ምስዝህልው ኣብ መሬት ዓዲ ጥልያን ንምትራፍ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

**ናይ ይግባይ ቤት ፍርዲ ንዝህቦ ፍርዲ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም።**

**ኣስተውዕሉ፡** ቅድሚ ናይ ፍትሒ ይግባይ ምፍጻሙ እቲ ዘቕረብኩሞ ትሕዝቶታት ብግቡእ ዘይተራእየ ኮይኑ እንተሰሚዕኩም፣ በቲ ንጉዳይኩም መጀመርታ ዝረኣዮ ስልጣን ዘለዎ ኣካል እንደገና ክረኣየልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ፍጻመ ነቲ ናይ ይግባይ ግዜ ኣየቋርጾን እዩ።

ኣገባብ ይግባይ ብዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ኣብ ዘለኹሞ ቦታ ዘለዋ ጉዳያት ሓለዋ ናይ ስደተኛታት ምስ ዘካይዳ ውድባት ወይ ኣብ ዘለኹሞ ማሕበረሰብ ዝርከብ ናይ ሕጊ ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት ወይ ምስ ጠበቓኹም ተራኸቡ።

**ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ፍቓድኩም ምቁራጽ ወይ ምስራዝ**

## 1) ናይ ስደተኛታት ፍቓድ

እቲ ዝተዋህበኩም ናይ ስደተኛታት ፍቓድ ክቋረጸሉ ዝኽእል ኩነታት፡

ሀ) ብፍቓድኩም ናይ መበቆል ሃገርኩም ሓለዋ ዳግም ብምቕባልኩም (ንምሳሌ እንተተመሊስኩም ወይ ናብ ናይ ሃገርኩም ቆንስል ብምኻድ ፓስፖርት ከውሃበኩም እንተሓቲትኩም ወይ እንተተዋሂብኩም፣ ወዘተ)፣

ለ) ተኸሊእኩም ዝነበረ ናይ ሃገርኩም ዜግነት ብፍቓድኩም እንተተዋሂብኩም፣

ሓ) ናይ ዓዲ ጥልያን ወይ ካልእ ዜግነት ዝተቐበልኩም ኮይኑ ካብታ ዜግነት ዝተቐበልኩምላ ሃገር ሓለዋ ዝወሃበኩም እንተኾይኑ፣

መ) ብፍቓድኩም ሂወትኩም ዳግም ኣብ ናይ መበቆል ሃገርኩም እንተመስሪትኩም፣

ሠ) ናይ ስደተኛታት ፍቓድ ዘውሃብኹም ኩነታት ብምቕያሮም ሓለዋ ሃገርኩም ንምጥቃም ናብ ሃገርኩም ብሰላም ክትምልሱ ትኽእሉ እንተኾይንኩም፣

ረ) ሃገር ዘይብሎም ሰባት ኮይንኩም ናብ ትነብርሉ ዝነበርኩም ሃገር ንኽትምለሱ ዘኽእሉኹም ኩነታት እንተተፈጢሮም፣ እዚ ናይ ስደተኛታት ፍቓድ ኣውሂቦምኩም ዝነበሩ ኹነታት ምስዝቕየሩ እዩ፣

ኣብ ዝርዝራት ሠ)ን ረ)ን ዘለዉ ኣብነታት ንኽትግበሩ እቲ ናይ ኩነታት ለውጢ ግዚያዊ ክኸውን የብሉን፣ ከምኡ'ውን ናይ ግፍዒ ስግኣትኩም ብሙሉእ ዘወግድ ክኸውን ኣለዎ።

ብተወሳኺ ናብ መበቆል ሃገርኩም ካብ ምምላስ ዘትርፉኹም ካልኦት ሰብኣዊ ምኽንያታት ክህልዉ የብሎምን።

ናይ ስደተኛ ፍቓድ ምቁራጽ ተግባር ብመሰረት ምርመራ ግላዊ ኩነታትኩም፣ ብሃገራዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል መሰል ዑቕባ እዩ ዝውሃብ።

እቲ ሃገራዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል እቲ ናይ ምቁራጽ ስርሒት ከምዝተጀመረን፣ ዝተመስረተሉ ምኽንያታትን ብጽሑፍ ክሕብረኩም እዩ። እዚ ንስኹም ዝኾነ ካልእ ነቲ ጉዳይ እድላዪ እዩ ትብልዎ ነገራት ብጽሑፍ ንኸተቕርቡ ዝወሃበኩም ዕድል እዩ። ብድሕርዚ ናብ ግላዊ ቃለ-መጠይቕ መጺኹም ንኽትገልጹ ክዕድመኩም እዩ።

ናይ ስደተኛ ፍቓድኩም ብድሕሪ ምውሃብኩም ክስረዘሉ ዝኽእል ኩነታት፣ ዝተዋህቦ ኣብ ዝቐረበ ጌገኛ ጭብጥታት ተመስሪቱ እንተኾይኑ ወይ ብፍቓድ ዘይተገልጹ ካልኦት ሓበሬታታትን/ወይ ኩነታት ምስዝህልዉ ወይ ዝተመስረቱሉ ሰነዳት ንመጻኢ መታለሊ ኾይኖም ምስዝርከቡ።

እቲ ፍቓድ ብተወሳኺ ብድሕሪ ምውሃቡ ክስረዘሉ ዝኽእል ኩነታት፣ እቲ ፍቓድ ክእበየሉ ዘለዎም ምኽንያታት ምስዝርከቡ፣ ብፍላይ፡

ሀ) ብናይ ጀኒቫ ኣኼባ ዝትወሃበ ዘወግደኩም ምኽንያት ምስዝህሉ (ጸረ-ሰብኣውን፣ ጸረ-ሰላምን ገበን ፈጺምኩም እንተኾይንኩም፣ ኣብ ግዜ ውግእ ዝፍጸም ገበን እንተፈጺምኩም ወይ ብሓደ ኣካል ወይ ናይ ሕቡራት መንግስታት ወኪል ብዘይካ ዩ ኤን ኤች ሲ ኣር (U.N.H.C.R.) ብኻልእ ሓለዋ ወይ ሓገዝ ከምዝወሃበኩም እንተተፈሊጡ)

ለ) ንድሕንነት ሃገር ዓዲ ጥልያን ኣስጋኢ ምዃንኩም ዝሕብሩ ነጥብታት ምስዝህልዉ፣

ሓ) ንጸጥታን ህዝባዊ ድሕንነትን ኣስጋኢ ምዃንኩም ዘረጋግጽ ኩነታት ምስዝህልው፣ ኣብ ጽሑፍ 407፣ ሕጡብ ጽሑፍ 2፣ ዝርዝር ሀ) (Art. 407, paragraph 2, item a)) ናይ ወንጀለኛታት ናይ ምቕራብ ኣገባብ ከምዝሕብር ገበነኛ ምዃንኩም ተፈሪዱ እንተኾይኑ።

ናይ ስደተኛ ፍቓድ ምስራዝ ተግባር'ውን ብመሰረት ምርመራ ግላዊ ኩነታትኩም፣ ብሃገራዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል መሰል ዑቕባ እዩ ዝውሃብ።

እቲ ሃገራዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል እቲ ናይ ምስራዝ ስርሒት ከምዝተጀመረን፣ ዝተመስረተሉ ምኽንያታትን ብጽሑፍ ክሕብረኩም እዩ። እዚ ንስኹም ዝኾነ ካልእ ነቲ ጉዳይ እድላዪ እዩ ትብልዎ ነገራት ብጽሑፍ ንኸተቕርቡ ዝወሃበኩም ዕድል እዩ። ብድሕርዚ ናብ ግላዊ ቃለ-መጠይቕ መጺኹም ንኽትገልጹ ክዕድመኩም እዩ።

## 2) ናይ ካልኣይ ደረጃ ሓለዋ ፍቓድ

እቲ ዝተዋህበኩም ናይ ካልኣይ ደረጃ ሓለዋ ፍቓድ ንኽውሃበኩም ዘኽኣልዎ ኩነታት ምስዝቖሙን ወይ ምስዝቕየሩን እቲ ሓለዋ'ውን ኣድላዩ ምስዘይከውን ክቋረጽ ይኽእል እዩ። እዚ ናይ ኩነታት ለውጢ ዓብይን ግዚያዊ ዘይኮነ ኾይኑ፣ እቲ "*ከቢድ ስግኣት*" ንመጻኢ ናብ ሃገርኩም እንተተመሊስኩም ዘየጋጥመኩምን ካልኦት ካብ ምምላስ ከትርፉኹም ዝኽእሉ ከበድቲ ናይ ሰብኣዊ ኩነታት ዘየለዉን ክኾኑ ኣለዎም።

ናይ ካልኣይ ደረጃ ሓለዋ ፍቓድኩም ምቁራጽ ተግባር ብመሰረት ምርመራ ግላዊ ኩነታትኩምን እቲ ዝተዋህበሉ "*ከቢድ ስግኣት*"ን፣ ብሃገራዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል መሰል ዑቕባ እዩ ዝውሃብ።

እቲ ሃገራዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል እቲ ናይ ምቁራጽ ስርሒት ከምዝተጀመረን፣ ዝተመስረተሉ ምኽንያታትን ብጽሑፍ ክሕብረኩም እዩ። እዚ ንስኹም ዝኾነ ካልእ ነቲ ጉዳይ እድላዪ እዩ ትብልዎ ነገራት ብጽሑፍ ንኸተቕርቡ ዝወሃበኩም ዕድል እዩ። ብድሕርዚ ናብ ግላዊ ቃለ-መጠይቕ መጺኹም ንኽትገልጹ ክዕድመኩም እዩ።

ናይ ካልኣይ ደረጃ ፍቓድኩም ብድሕሪ ምውሃብኩም ክስረዘሉ ዝኽእል ኩነታት፣ ዝተዋህቦ ኣብ ዝቐረበ ጌገኛ ጭብጥታት ተመስሪቱ እንተኾይኑ ወይ ብፍቓድ ዘይተገልጹ ካልኦት ሓበሬታታትን/ወይ ኩነታትን ምስዝህልዉ ወይ ዝተመስረቱሉ ሰነዳት ንመጻኢ መታለሊ ኾይኖም ምስዝርከቡ።

TIGRINO

እቲ ፍቓድ ብተወሳኺ ብድሕሪ ምውሃቡ ክስረዘሉ ዝኽእል ኩነታት፣ እቲ ፍቓድ ክእበየሉ ዘለዎም ምኽንያታት ምስዝርከቡ፣ ብፍላይ፡

ሀ) ብናይ ጀኒቫ ኣኼባ ዝተወሃበ ዘወግደኩም ምኽንያት ምስዝህሉ (ጸረ-ሰብኣውን፣ ጸረ-ሰላምን ገበን ፈጺምኩም እንተኾይንኩም፣ ኣብ ግዜ ውግእ ዝፍጸም ገበን እንተፈጺምኩም ወይ ብሓደ ኣካል ወይ ናይ ሕቡራት መንግስታት ወኪል ብዘይካ ዩ ኤን ኤች ሲ ኣር (U.N.H.C.R.) ብኻልእ ሓለዋ ወይ ሓገዝ ከምዝወሃበኩም እንተተፈሊጡ)፡

ለ) ኣብ ዓዲ ጥልያን ወይ ኣብ ወጻኢ ዝፈጸምኩሞ ወይ ንኽፍጸም ዘበገስኩሞ ከቢድ ገበን ምስዝህልው። ናይቲ ገበን ክብደት ዝምዘኖ ብመጠን መቕጻዕቱ ኮይኑ ናይ ዓዲ ጥልያን ሕጊ ገበን ከምዝህቦ ካብ ኣርባዕተ ዓመት ዘይውሕድን ዝለዓለ ናይ ዓሰርተ ዓመትን እዩ፡

ሐ) ንጸጥታን ህዝባዊ ድሕንነትን ኣስጋኢ ምዃንኩም ዘረጋግጽ ኩነታት ምስዝህልው።

ናይ ካልኣይ ደረጃ ፍቓድ ምስራዝ ተግባር'ውን ብመሰረት ምርመራ ግላዊ ኩነታትኩም፣ ብሃገራዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል መሰል ዑቕባ እዩ ዝውሃብ።

እቲ ሃገራዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል እቲ ናይ ምስራዝ ስርሒት ከምዝተጀመረን፣ ዝተመስረተሉ ምኽንያታትን ብጽሑፍ ክሕብረኩም እዩ። እዚ ንስኹም ዝኾነ ካልእ ነቲ ጉዳይ እድላዪ እዩ ትብልዎ ነገራት ብጽሑፍ ንኸተቕርቡ ዝወሃበኩም ዕድል እዩ። ብድሕርዚ ናብ ግላዊ ቃለ-መጠይቕ መጺኹም ንኽትገልጹ ክዕድመኩም እዩ።

## ናብ መበቆል ሃገርኩም ብድሌትኩም ምምላስ

ናብ መበቆል ሃገርኩም ብድሕንነትን ክብረትን ምምላስ መሰልኩም እዩ።

ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሓተትቲ እንተኾይንኩም፣ **ተነጺግኩም ኮይኑ ከምዝተነጸግኩም ካብ ትሕበሩ 30 መዓልታት ዘይገበረ እንተኾይኑ**፣ ናይ ስደተኛታት ፍቓድ ተዋሂብኩም እንተኔሩ፣ ናይ ካልኣይ ደረጃ ፍቓድ ተዋሂብኩም እንተኔሩ ወይ ብናይ ሰብኣዊ ምኽንያት ፍቓድ ዘለኩም እንተኾይኑ ናብ መበቆል ሃገርኩም ብድሌትኩም ክትምለሱ ትኽእሉ ኢኹም።

እቲ ሓገዝ ዘለዎ ብድሌት ናይ ምምላስ ኣገባብ ዘወፍዮም ነገራት፡ ምኽሪ ናይ ምሃብ ኣገልግሎት፣ ናይ መበቆል ሃገርኩም ዝምልከት ሓድሽ ሓበሬታ ምሃብ፣ ካብ ቆንስላዊ ኣገልግሎት ዝውሃብ ናይ መጎዓዚ ሰነዳት ንምውጻእ ሓገዝ ምሃብ፣ ንጉዕዞ ምስንዳውን ክሳብ ናይ መጨረሻ ትጉዓዝዎ ቦታ ዘሎ ናይ መጎዓዝያ ወጻኢ ምሽፋንን ናይ ምቅርራብን ናብ ማሕበረሰብ ተመሊስካ መእተዊ ዝኸውን ወጻኢ ገንዘብ ምሽፋን።

ብድሌትኩም ናብ ሃገርኩም ናይ ምምላስ ውጥን ኣብ ስርሒት ምስጓግ እንተለኹም ክትጥቀሙሉ ከምዘይትኽእሉ ኣይትረስዑ።

ናብ ሃገርኩም ብድሌትኩም ክትምለሱሉ ዘኽእለኩም ሓበሬታን ሓገዝን ክህልወኩም መሰልኩም እዩ። ምስ እዞም ዝኽተሉ'ውን ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም፡

- ናይ ማእከል ሰራሕተኛታት።

TIGRINO

## ዝርዝር ትርጉም ቃላት

**ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት፡** እዚ ቀንዲ ሓላፍነቱ ጉዳያት ስደትን ዑቕባን ዝኾነ ማእከላዊ ኣካል ምምሕዳር መንግስቲ እዩ።

**ኣመሓዳሪ፡** እዚ ማእከላዊ ዘይኮነ ናይ ሚንስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ዞባዊ ኣካል ኮይኑ ከምኡ'ውን ናይ መንግስቲ ዞባዊ ቤት ጽሕፈት እዩ።

**ክፍሊ ፖሊስ፡** እዚ ኣመሓዳሪ ኣካል ኮይኑ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዞባታት ዘሎ ምንቅስቓስ ፖሊስ ዝመርሕን ዘካይድን እዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ፖሊስ ሓደ ጉዳያት ወጻእተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ዘካይድ ቤት ጽሕፈት ናይ ወጻኢ ጉዳያት ኣሎ (ንምሳሌ ናይ ዑቕባ ሕቶ ከቕርበሉ ይኽእል፣ ናይ መንበሪ ፍቓድን መንነዓዚ ሰነዳትን የሐድስ)።

**ናይ መሰላት ዑቕባ ሃገራዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል፡** እዚ ናይ ምምራሕን ምክያድን ዞባዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል፣ ንኣባላት ናይቲ ኣካል ምዕላምን ሓድሽ ሓበሬታ ምሃብን ከምኡ'ውን ምእካብ ኣሃዛዊ ሓበሬታን ዝኣመሰሉ ተግባራት ኣለውዎ። ዝተዋህቡ ፍቓዳት ናይ ምስራዝን ምቁራጽን ውሳነ ናይ ምውሳድ ስልጣን ኣለዎ።

**ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ዞባዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል፡** ሕቶ ፍቓድ ኣህጉራዊ ሓለዋ ናይ ምርኣይ ሓላፍነት ኣለዎም። እዚኦም ካብ ዓሰርተ ዘይበዝሑ ኮይኖም፣ ስዒቦም ተዘርዚሮም ኣለዉ፡

1. ጎሪዚያ (GORIZIA)፡ ኣብ ፍሪዩሊ-ቬነዚያ፣ ጂዩሊያ፣ ቬነቶ፣ ትረንቲኖ፣ ኣልቶ ኣዲጀ (Friuli-Venezia Giulia, Veneto, Trentino Alto Adige) ዝቐረቡ ሕቶታት ናይ ምርኣይ ስልጣን ዘለዎ፣
2. ሚላን (Milan)፡ ኣብ ሎምባርዲ (Lombardy) ዝቐረቡ ሕቶታት ናይ ምርኣይ ስልጣን ዘለዎ፣
3. ሮም (ROME)፡ ኣብ ላዚዮ፣ ኣብሩዞ፣ ሳርደኛ፣ ቶስካና፣ ማርቸ፣ ኡምብሪያ (Lazio, Abruzzo, Sardegna, Toscana, Marche, Umbria) ዝቐረቡ ሕቶታት ናይ ምርኣይ ስልጣን ዘለዎ፣
4. ፎጂያ (FOGGIA)፡ ኣብ ፎጂያን ባርለታ-ኣንድሪያ-ትራኒ (Foggia and Barletta-Andria-Trani) ዝቐረቡ ሕቶታት ናይ ምርኣይ ስልጣን ዘለዎ፣
5. ሲራኩሳ (SIRACUSA)፡ ኣብ ሲራኩሳ፣ ራጉሳ፣ ካልታኒሰታ፣ ካታኒያ (Siracusa, Ragusa, Caltanissetta, Catania) ዝቐረቡ ሕቶታት ናይ ምርኣይ ስልጣን ዘለዎ፣
6. ክሮቶነ (CROTONE)፡ ኣብ ካላብሪያን ባሲሊካታን (Calabria and Basilicata) ዝቐረቡ ሕቶታት ናይ ምርኣይ ስልጣን ዘለዎ፣
7. ትራፓኒ (TRAPANI)፡ ኣብ ኣግሪጀንቶ፣ ትራፓኒ፣ ፓለርሞ፣ መሲና፣ ኤና (Agrigento, Trapani, Palermo, Messina, Enna) ዝቐረቡ ሕቶታት ናይ ምርኣይ ስልጣን ዘለዎ፣
8. ባሪ (BARI)፡ ኣብ ባሪ፣ ብሪንድሲ፣ ለቸን ታራንቶን (Bari, Brindisi, Lecce and Taranto) ዝቐረቡ ሕቶታት ናይ ምርኣይ ስልጣን ዘለዎ፣
9. ካሰርታ (CASERTA)፡ ኣብ ካምፓኒያን ሞሊሰን (Campania and Molise) ዝቐረቡ ሕቶታት ናይ ምርኣይ ስልጣን ዘለዎ፣
10. ቲዩሪን (TURIN)፡ ኣብ ቫለ ድኣኦስታ፣ ፒየሞንተ፣ ሊጉሪያ፣ ኤሚሊያ ሮማኛ (Valle d'Aosta, Piemonte, Liguria, Emilia Romagna) ዝቐረቡ ሕቶታት ናይ ምርኣይ ስልጣን ዘለዎ።

**ናይ ሓተትቲ ዑቕባ መእንገዲ ማእከል (ካራ (CARA))፡** እዚ ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶ ንዘቕረቡ ሰባት ናይ ኣህጉራዊ ሕቶ ጉዳዮም ኣብ ዝረኣየሉ ግዜ ዝእንገዱሉ ማእከል እዩ። እንገዳ ዝወሃበሎም ምኽንያታት፡
እቶም ሕቶ ኣቕሪበቲ ኣብ ናይ ሓተትቲ ዑቕባ መቐበሊ ማእከል (ካራ (CARA)) ዝእንገዱሉ ኣብነታት፡
ሀ) ዜግነቶም ወይ መንነቶም ንምፍላጥ ኣድላዪ ምስክኸውን፣ መንነዓዚ ሰነዳት ወይ መንነት ምስዘይህልዎም፣ ወይ ኣብ ሃገራዊ መሬት ምስኣተዉ መታለሊ ሰነዳት ዘቕረቡ እንተኾይኖም፣
ለ) ካብ ሓለውቲ ዶብ ድሕሪ ምህዳምኩም ወይ ክትሃድሙ እንዳፈተንኩም ምስተታሓዝኩም ወይ ደድሕሪኡ ሕቶ ከተቕርቡ ከለኹም፣
ሐ) ብዘይ ፍቓድ እንዳነበርኩም ከለኹም ምስ ተታሓዝኩም ሕቶ ከተቕርቡ ከለኹም።
ኣብ ኣብነት ኩነታት ሀ) እቲ ሕቶ ኣቕራቢ ኣብቲ ማእከል ዝእንገደሉ ካብ ዒስራ መዓልታት ንዘይነውሕ ግዜ እዩ። ኣብ ካልእ ኣብነታዊ ኩነታት ነፍሲ ወከፍ ኣቕራቢ ሕቶ ኣብቲ ማእከል ዝእንገደሉ በቲ ዞባዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ሕቶኡ ንኽምርመረሉ ንዘድልይ ግዜ ጥራይ ኮይኑ ከምኡ'ኣን ነፍሲ ወከፍ ካብ ሰላሳን ሓሙሽተን መዓልታት ንዘይነውሕ ግዜ እዩ።

**ማሕበራት ሓለዋ ስደተኛታት፡** ናይ ስደተኛታት ሕጋውን ምምሕዳርን ሓለዋ ሓላፍነት ዘለወን ማሕበራት። ምስ እዘን ማሕበራት ንምርኻብ፣ ኣድላይቲ ኣድራሻታት ዝሕብር ገጽ ተመልከቱ ወይ በጃኹም ኣብ ማእከልኩም ምስ ዘሎ ሰራሕተኛ ተራኸቡ።

**መስርሕ ሓለዋ ሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን (ስፕራር (SPRAR))፡** ስፕራር ናይ እንገዳን ኣብ ማሕበረሰብ ምሕዋስን መስርሕ እዩ፣ ብሚንስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያትን ኣካባቢያዊ ኣካላትን ዝካየድ ኮይኑ፣ ኣብ መጀመርታ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝግበር ስርሒት ምስ ማሕበረሰብ ምሕዋስ ንሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ብዝተኻእለ መጠን ናይ መንበሪ ቦታን ሓገዝን ዝህብ እዩ።

TIGRINO

**ናይ ማእከል ሰራሕተኛታት፡** እዚኦም ኣብ መአንገዲ ማእከል (ካራ (CARA)) ዝርከቡ በዓል ሙያታት ኮይኖም ንሓተትቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምክንኻን ዝወሃቡ ኣገልግሎታት ሕክምና፣ ስነ ኣእምራውን ሕጋዊ ጸገማትን ንምፍታሕ ናይ ምምሕዳርን/ምኪያድን ሓላፍነት ዘለዎም እዮም።

**ሽማግለታት ስነ ቋንቋን ባህልን፡** ኣብቲ ማእከል ዝርከቡን ንኣህጉራዊ ሓተትቲ ሓለዋ ምስ ናይ ማእከል ሰራሕተኛታትን/ወይ ምስ ኣባላት እቲ ዞባዊ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ንምርድዳእ ዝሕግዙን፣ ከምኡ'ውን ባህላውን ባህርያውን ፍልልይ ዘተርጉሙ እዮም።

**ናይ መንበሪ ፍቓድ፡** እዚ እቲ ኣብ መሬት ዓዲ ጥልያን ብሕጋዊ መልክዕ ክትቕመጡ ፍቓድ ዝህበኩም ሰነድ እዩ።

**መንዓዝያ ሰነድ፡** እዚ እቲ ፍቓድ ስደተኛታት እንተለኩም ካብ ዓዲ ጥልያን ወጻኢ ክትንዓዙ ዘፍቅደልኩም ሰነድ እዩ።

**መንዓዝያ ፍቓድ፡** እዚ እቲ ብምኽንያት ካልኣይ ደረጃ ሓለዋ ወይ ሰብኣዊ ሓለዋ ናይ መንበሪ ፍቓድ እንተተዋሂብኩም ካብ ዓዲ ጥልያን ወጻኢ ክትንዓዙ ዘፍቅደልኩም ሰነድ እዩ።

**መግለጺ ሕግታት**

- **ኣህጉራዊ:**
  <u>ኣኼባ ጀኒቫ 1951</u> ብዛዕባ ፍቓድ ስደተኛታት ዝምልከት

  - ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣውሮጳ:
    ሕጊ ቁጽሪ 343/2003 ዝገልጾ ብቐዕነት ምርመራን ምቕባል ሕቶ ዑቕባን ናይ ሓንቲ ኣባል ሃገር ብዜጋ ሳልሰይቲ ሃገር ኣብ ሓንቲ ኣባል ሃገር ምስ ዝቐርብ እዩ።

- **ሃገራዊ**
  - ሕጋዊ ድንጋገ 30/12/1989፣ ቁጽሪ 416 (ጉዳይ ፖለቲካዊ ዑቕባ፣ ምእታውን ምቕማጥን ኣብ ዓዲ ጥልያን ኣትዮም ዝርከቡ ተወሰኽቲ ማሕበረሰብ ዜጋታትን ሃገር ዘይብሎም ሰባትን ብዝምልከት ህጹጽ ሕግታት) ዝተቐየረ፣ ለውጥታትት ብምግባር ካብ ሕጊ 28/02/1990፣ ቁጽሪ 39 ተቐይርዎ ዝነበረ ካብ ሕጊ ቁጽሪ 189/2002፣
  - ናይ ረፓብሊክ ፕረዚደንት ድንጋገ 16/09/2004፣ ቁጽሪ 303፣ ናይ ስደተኛታት ፍቓድ ዝወሃበሉ ስርሒት ብዝምልከት፣
  - ሕጋዊ ድንጋገ 30/05/2005፣ ቁጽሪ 140፣ ኣብ ተግባር ዝወዓለሉ መምርሒ 2003\9\CE ዝብሎ ኣብ ኣባላት ሃገራት ዑቕባ ንዝሓቱ ዝግበረሎም ኣቀባብላ ብዝምልከት እንተወሓደ ክህልዉ ዘለዎም ሕግታት፣
  - ሕጋዊ ድንጋገ 25/07/1998፣ ቁጽሪ 286 ናይ ስደተኛታት ውልቃዊ ጽሑፍ።
  - ሕጋዊ ድንጋገ 28/01/2008፣ ቁጽሪ 25ን ሕጋዊ ድንጋገ 03/10/2008፣ ቁጽሪ 159 ኣብ ተግባር ዝወዓለሉ መምርሒ 2005\85\CE ናይ ቤት ምኽሪ 01/12 ዝብሎ ኣብ ኣባላት ሃገራት ምውሃብን ምስራዝን ናይ ስደተኛታት ፍቓድ ብዝምልከት እንተወሓደ ክህልዉ ዘለዎም ሕግታት፣
  - ሕጋዊ ድንጋገ 19/11/2007፣ ቁጽሪ 251 ኣብ ተግባር ዝወዓለሉ መምርሒ 2004\83\CE ናይ ቤት ምኽሪ 29/04/2004 ብዛዕባ ዝብሎ ኣብ ኣባላት ሃገራት ንዜጋታት ሳልሰይቲ ሃገር ወይ ሃገር ዘይብሎም ሰባት ወይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ንዘድልዮ ሰብ ናይ ስደተኛታት ፍቓድ ክወሃቦም ዝምልከቱ እንተወሓደ ክህልዉ ዘለዎም ሕግታት፣ ከምኡ'ውን ትሕዝቶ ዝተዋህበ ሓለዋ ብዝምልከት እንተወሓደ ክህልዉ ዘለዎም ሕግታት።

TIGRINO

**ኣድለይቲ መራኸቢ ሓበሬታታት**

**ሚንስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት: www.interno.it**
እዚ ተዛማዲ ናይ ዑቕባ ክፋል ብዝምልከት ዜና፣ ምቕራብ ሕቶን ምሃብ ፍቓድን ሓለዋ ብዝምልከት ሓበሬታ ናይ ምሃብ ሓላፍነት ናይ ዘለዎ ናይ ሚንስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ወብ ሳይት እዩ።

**ናይ ሃገር ፖሊስ: www.poliziadistato.it**
እዚ ዞባዊ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ፣ ክፋላትን፣ ኣገልግሎታት ዜጋታትን ኣበይ ከምዘለዉ ሓበሬታ ናይ ምሃብ ሓላፍነት ናይ ዘለዎ ናይ ሃገር ፖሊስ ወብ ሳይት እዩ።

**ማእከላዊ ኣገልግሎት: www.serviziocentrale.it**
እዚ ብሚንስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያትን ኣካባቢያዊ ኣካላትን ዝካየድ ሃገራዊ እንገዳን ናብ ማሕበረሰብ ናይ ምሕዋስ ስርሓትን (SPRAR) ዝምልከት ኣድላዪ ሓበሬታ ክትረኽቡሉ ትኽእሉ ወብ ሳይት እዩ።

- **ኣህጉራዊ**

**ዩ ኤን ኤች ሲ ኣር (UNHCR) – ላዕለዋይ ኣካል ስደተኛታት ሕቡራት መንግስታት (United Nations High Commission for Refugees)**
**ኣይ ሲ ኤን ዩ ኣር (ACNUR )– Alto Commissariato delle Nazioni Unite per i Rifugiati**
ኣድራሻ: via Alberto Caroncini, 19 – 00197 Rome
ተሌፎን: 06 802121
ፋክስ: 06 80212324
ኢመይል: itaro@unhcr.org

**ኦ ኣይ ኤም (OIM) – (Organizzazione internazionale per Migrazioni)**
**ኣይ ኦ ኤም (IOM) – ኣህጉራዊ ማሕበር ስደት (International Organization for Migration)**
ኣድራሻ: via Nomentana, 62 – 00161 Rome
ተሌፎን: 06 44231428
ፋክስ: 06 4402533
ኢመይል: MRFRome@iom.int

- **ሃገራዊ**

**ሲ ኣይ ኣር (CIR) Consiglio Italiano per i Rifugiati**
ኣድራሻ: via of the Velabro 5/A – 00186 Rome
ተሌፎን: 06 69200114
ፋክስ: 06 69200116
ኢመይል: cir@cir-onlus.org

**(ARCI Nuova Associazione)**
**ክፍሊት ዘይብሉ ናይ ሓለዋ ቁጽሪ: 800 905 570**
ናይ ዑቕባ ሕቶ ከተቕርቡ ሓበሬታ ወይ ሓገዝ ንምርካብ እንተደሊኹም፣ ናይ ዑቕባ ሕቶ ኣቕሪብኩም እንተኾይንኩም ወይ ናይ ስደተኛታታት ፍቓድ ዘለኩም እንተኾይንኩም ወይ ብኹነታት ሰብኣዊ ምኽንያታት መንበሪ ፍቓድ ዝተዋህበኩም እንተኾይንኩም ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ክፍሊት ዘይብሉ ቁጽሪ እዩ።
ኣድራሻ: via dei Monti di Pietralata, 16 - 00157 Rome
ፋክስ: 06 41609234
ኢመይል: itri@arci.it; nahum@arci.it

**ካሪታስ (CARITAS)፣**
ኣድራሻ: via delle Zoccolette, 19 - 00183 Rome

TIGRINO

ተሌፎን፡ 06 6861554 – 06 6875228
ፋክስ፡ 06 6833295
ኢመይል፡ area.immigrati@caritasroma.it

**ኣይ ሲ ኤስ (ICS) - Ufficio rifugiati di Trieste**
ኣድራሻ፡ via Roma, 28 34170 - TRIESTE
ተሌፎን፡ 040 3476377
ፋክስ፡ 040 3487592
ኢመይል፡ icstrieste@yahoo.it

**ኤይ ኤስ ጂ ኣይ (ASGI) - Associazione Studi Giuridici on Immigrazione**
ኣድራሻ፡ via Gerdill, 7 - 10100 Turin
ፋክስ፡ 011. 4369158
ኢመይል፡ segreteria@asgi.it
ወይ
ኣድራሻ፡ via Aquileia, 22 - 33100 Udine
ፋክስ፡ 0432.507115
ኢመይል፡ info@asgi.it

TIGRINO